
# ኣብ ሰበይቲ ብብዝሒ ዝርኣዩ ምልክታት ካንሰር፡



## ጡብ

- ኣብ ጡብ ወይ ኣብ ትሽትሽ ዝርአ ጥንከር ዝበለ ሕበጥ
- ቀይሕ ማከያ ወይ መበላይ (ዓይነት ሕማም ቈርበት) ኣብ ቆርበት ናይ ጡብ
- ምቅይያር ጫፍ ናይ ጡብ ( ሕብሪ ወይ መጠን) ወይ ዝፈስስ ነገር ምስ ዝህልው
- ፍልልይ መጠን ኣብ መንጎ ክልቲኦን ጡባት

## ታሕተዋይ ክፍሊ ረጉድ ማዓንጣ (ማዓንጣ)

- ደም ዝተሓወሶ ቀልቀል (ቀይሕ ወይ ጸሊም)
- ደገ ዘይብልና እንከሎ ደገ ክንወጽእ ምድላይ
- ምቅይያር ዓይነት እቲ ቀልቀል፡ ድርቕ ዝበለ ወይ ፈሳሲ ዝኾነ (ኣብ ሞንጎ ድርቀትን ውጽኣትን ዝቀያየር)
- ቀጻልነት ዘለዎ ናይ ከብዲ ቃንዛ

## ሳንቡእ

- ካብ 4 ሰሙን ንላዕሊ ዝጸንሐ ስዓል
- እንዳ ገደደ ዝኸይድ ሕዱር ስዓል
- መድሃኒት ተወሲዱዎ ዘይሓዊ ረኽሲ ናይ ሳንቡእ
- ደም ዝተሓወሶ ዓኽታ
- ኣስካላ ኣብ ምድያብ ዘጋጥም ዘይተለመደ ጸገም ናይ ምስትንፋስ
- ቃንዛ ኣብ ኣፍ ልቢ

ሓደ ካብዞም ምልክታት እንድሕር ተዓዚብኩም፡ ካንሰር ኣለኩም ማለት ኣይኮነን!

ንኽትምርመሩ ምስ ሓኪም ቆጸራ ግበሩ!

## ቆርበት

ኖርማል ማከያ | ክምርመር ዘለዎ ማከያ



- ስሩዕ ቅርጺ?
- ወሰን ናይቲ ማከያ ብርኡይ ዝፍለ?
- ኣብ ኩሉ ሓደ ዓይነት ሕብሪ (ናይቲ ማከያ)?
- ለውጢ ናይ ስፍሓት? ናይ ቅርጺ? ናይ ሕብሪ? ናይ ርጉዲ (ቀጸላ)?

# ምእንተ ረብሓ ጥዕናኹም ማዓልታዊ ክትገብርዎም ትኽእሉ ነገራት፡



ናይ እግሪ ጉዕዞ ብውሕዱ ን 30 ደቒቕ ግበሩ!



5 ፍሩታን ኣሕምልቲን ብልዑ!



ካብ 1 ቢኬሪ ንላዕሊ ኣልኮል ኣይትስተዩ!



ንገዛእ ርእስኹም ካብ ጸሓይ ሓልዉ!



ሽጋራ ኣይተትክኹ!

## መርመራ ካንሰር (ምንሸሮ) ናይ ጡብ

ዕድመይ 50 ዓመት ወይ ካብ 50 ዓመት ንላዕሊ ስለዝኾነ ብሓኪም ክርአ ወሲነ አለኹ!

ቆጸራ መርመራ ናይ ጡብ (ማሞ ግራፊ ብዝብሃል መሳርሒ) ኣብ ጥቓ ገዛይ ንኸገብር ኣብ ካንቶን ቮ ንዝርከብ ትካል ናይ ምርመራ ካንሰር በዚ ስዒቡ ዘሎ ቁጽሪ ቴሌፎን ይድውል
0848 990 990

ውጽኢት ድሕሪ ሰሙን ብፖስጣ ይቐበል!

- እቲ ብ ማሞ ግራፊ ዝብሃል መሳርሒ ዝተገብረ ምርመራ ኖርማል (ጽቡቕ) እንተድኣ ኾይኑ ድሕሪ 2 ዓመት ደጊመ ንኽምርመር ዝሕብር ወረቐት ይቐበል!
- እቲ ብ ማሞ ግራፊ ዝብሃል መሳርሒ ዝተገብረ ምርመራ እንድሕር ፀገም ኣርእዩ ፡ ተወሳኺ ምርመራ ንኽገብር ናብ ሓኪመይ ይድውል፡ ሓኪም ዘይፈልጥ እንተድኣ ኾይነ እቲ ኣብ ካንቶን ቮ ዝርከብ ትካል ናይ መርመራ ካንሰር ይተሓባበረኒ

እዚ መርመራ ንኽገብር ከባቢ 20 ፍራንክ ጥራይ ይኸፍል፡ እቲ ዝተረፈ ወጻኢታት በቲ ትካል መድሕን ናይ ጥዕና ይሽፈን!

## መርመራ ካንሰር (ምንሸሮ) ናይ ማዓንጣ (ታሕተዋይ ክፋሊ ረጉድ)

ዕድመይ 50 ዓመት ወይ ካብ 50 ዓመት ንላዕሊ ስለዝኾነ ብሓኪም ክርአ ወሲነ አለኹ!

ምስ ብዓል ሞያ ጥዕና ኮይነ ፎርም (ቅጥዒ) ይመልእ ካብኡ ኣብ ቀልቀል ደም እንተሃሊዩ ንምርኣይ ዝሕግዝ መመርመሪ ይቐበል!

እቲ መርመራ (ቴስት) አብ ገዛይ ባዕለይ ይገብሮ ቀጺለ በቲ ዝውሃበኒ መዐሽጊ ናብ እንዳ ቤተ-ምርምራ (ላብራቶሪ) ይሰዶ

ውጽኢት ድሕሪ ሰሙን ብፖስጣ ይቐበል!

- እቲ መርመራ ኖርማል (ጽቡቕ) እንተድኣ ኾይኑ፡ ድሕሪ 2 ዓመት ደጊመ ንኽምርመር ዝሕብር ወረቐት ይቐበል!
- እቲ ውጽኢት መርመራ ኣብ ቀልቀል ደም እንድሕር ኣርእዩ ፡ ብተወሳኺ ብማሃንቱስ ዝካቱ ካሜራ (ኮሎ ስኮፒ) ንኽምርመር ናብ ሓኪመይ ይድውል፡ ሓኪም ዘይፈልጥ እንተድኣ ኾይነ እቲ ኣብ ካንቶን ቮ ዝርከብ ትካል ናይ መርመራ ካንሰር ይተሓባበረኒ ምሳይ ኮንታክት ይገብር! ይራኽብ ይታሓባበረኒ ይዘራረቡ ይራኽቡ

እዚ መርመራ ንኽገብር ከባቢ 5 ፍራንክ ጥራይ ይኸፍል፡ እቲ ዝተረፈ ወጻኢታት በቲ ትካል መድሕን ናይ ጥዕና ይሽፈን!

እቲ ብማሃንቱስ ዝካቱ ካሜራ (ኮሎ ስኮፒ) መመርመሪ ከም መጀመርያ ኮንትሮል ካንሰር (ምንሸሮ) ናይ ማዓንጣ ክምረፅ ይካኣል እዩ!

ሕቶ ኣለኒ?
ኣብ ካንቶን ቮ ንዝርከብ ትካል ናይ መርመራ ካንሰር በዚ ስዒቡ ዝርከብ ቁፅሪ ቴሌፎን ይድውል

0848 990 990

canton de vaud

Fondation vaudoise pour le dépistage du cancer

Appartenances

ligue vaudoise contre le cancer

unisanté
Centre universitaire de médecine générale et santé publique · Lausanne

*Tigrinya*



ኣብ መጀመርታ እቲ ሕማም ዝርከብ ካንሰር፡ ናይ ምድሓን ዕድሉ ዝዓዘዘ እዩ!